# ሓበሬታ ብዛዕባ ግዜ ትጽቢታት ንዑቕባ ዝሓተቱ ትሕቲ 18 ዝዕድሚኦምን ኣብ ኖርወይ ወለዲ ዘይብሎም ቈልዑን

## ብኣብያተጽሕፈት ጉዳያት ወጻእተኛታት/UDI ቃለመሕተት ዝካየደሉን መልሲ ዝወሃቦን መን'ዩ፧

ኣብያተጽሕፈት ጉዳያት ወጻእተኛታት/UDI ንበይነ ትሕተ-ዕድመ ሓተቲ ዑቕባ ቃለመሕተት እናኣካየደ ክቕጽል ኢዩ። ጉዳይካ ጉዳይ ደብሊን ምስ ዝኾውን ግና፡ ጉዳይካ ኣብ ኖርወይ ድዩ ወይ ኣብታ ኣሰር ኣጻብዕትኻ ዝሃብካላ ካልእ ሃገር ንክረአን ከይርአን ንዝብል ክሳብ ዝጻረ ሓያሎ ኣዋርሕ ክወስድ ይኽእል ይኾውን'ዩ።

እንተድኣ ድሕሪ ቃለመሕተት ምክያድና ኣብያተጽሕፈት ጉዳያት ወጻእተኛታት ተወሳኺ ምጽርራያት ከነካይድ ዘየድልይና፡ ኣብ ዝቐልጠፈ ውሳኔና ከነሕልፍ ኢና።

## ንሓተቲ ዑቕባ ሶርያውያን ብፍሉይ ዝምልከት

ኣብያተጽሕፈት ጉዳያት ወጻእተኛታት/UDI ንጉዳያት ሓተቲ ዑቕባ ዜጋታት ሶርያውያንን መንግስተኣልቦን/ዜጋኣልቦ ሶርያውያንን ዳግም ንክርእየሎም ጀሚርዎ ኣሎ። እቶም ቀዳሞት ሓተቲ ዑቕባ ኣብ ወርሒ ጥሪ ቃለመሕተት ንክካይዱ ክንጽውዖም ኢና። ቃለመሕተት ንክካይዱ ዝጽበዩ ብዙሓት ኢዮም ዘለዉ፡ ስለዚ ድማ ንቃለመሕተት ክሳብ ትጽዋዕ ጌና ግዜ ክወስድ ይኽእል ኢዩ።

ኩነታት ሃገረ ሶርያ ብዙሕ ለውጥታት ኣስዒቡ ኣሎ። ኩነታት ሶርያ ብመነጽር ሓድሽ ኩነታቱ ኢዩ ኣብያተጽሕፈት ጉዳያት ወጻእተኛታት ክግምግሞ ዘለዎ። ስለዚ ድማ ካብ ሶርያ ንዝመጽኡ ሓተቲ ዑቕባ መልሲ ጉዳዮም ክሳብ ዝረኽቡ ንውሕ ዝበለ ግዜ ክጽበዩ ክግደዱ ኢዮም። ቅድሚኻ መልሶም ዝመጾም ከጋጥመካ ይኽእል ኢዩ፡ እዚኦም ብድሕሬኻ ዝመጹ ክነሶም'ዩ ዝኾውን ዘሎ። ገሊኦም ጉዳያት ካብ ካልኦት ጉዳያት ንውሕ ዝበለ ግዜ ይወስዱልና ኢዮም።

መብዛሕቱኹም ሶርያውያን ሓተቲ ዑቕባ ቃለመሕተት ዑቕባ ኣየካየድኩምን ኣለኹም። እንተድኣ ንቃለመሕተት ዑቕባ ዘይተጸዋዕካ ኰይንካ፡ ቃለመሕተት ንከተካይድ ክትጽዋዕ ኢኻ። ቃለመሕተት እተካይደሉ ተራኻ ምስ በጽሐ ንሕብረካ ኢና። ክትውከሰና ኣየድልየካን ኢዩ፡ ባዕልና ክንውከሰካ ኢና።

## ስለምንታይ ኢዮም ገሊኦም መልሲ ጉዳዮም ቅድሜኻ ዝወሃቦም፧

ኣብ መልሲ ምሃብ ነቶም ዝነውሐ ዝተጸበዩ ኢና ብቐዳምነት ንሰርዖም። ናይ ገሊኦም ጉዳያት ግና፡ ካብ ናይ ካልኦት ጉዳያት ቃለመሕተት ንከነካይደሎምን ጉዳዮም ርኢና መልሲ ንክንህቦምን ዝያዳ ግዜ ዝወስደልና ኣሎ። ካብ ናይ ካልኦት ንላዕሊ ንውሕ ዝበለ ወላ ተጸበ ድኣ'ምበር፡ ጉዳይካ ተረሲዑ ኣሎ ማለት ኣይኰነን። ሓደ ጉዳይ ንክረአን ክውሰንን ግዜ ክወስደሉ ዝኽእል ምኽንያታት ከም'ዞም ዝስዕቡ ክኾኑ ይኽእሉ ኢዮም፡

- እንተድኣ ድሕሪ ቃለመሕተት ምክያድካ ንጉዳይካ ዝያዳ ከነጻርዮ ኣድሊዩና፡ ኣጻሪና ወዲና ክሳብ መልሲ ንህበካ ግዜ ክበልዓልና ይኽእል ኢዩ።
- እንተድኣ ኣብያተጽሕፈት ጉዳያት ወጻእተኛታት/UDI ጉዳይካ ብካልእ ሃገረ-ደብሊን ክረአን ክውሰንን ኣለዎ ክብል ገምጊምዎ፡ ግዜ ክወስድ ይኽእል ኢዩ። ምናልባሽ ቃለመሕተት ንከተካይድ ካብ ናይ ካልኦት ንላዕሊ ንውሕ ዝበለ ክትጽበ ትግደድ ትኾውን ኢኻ።

ቃለመሕተት ዘየካየድካሉ ወይ እውን መልሲ ዘይተዋሃብካሉ ካልእ ምኽንያታት ኰይኑ፡ ግዜ ዝወሰደሉ ምኽንያት እንታይ ከም ምዃኑ ብዝብል ንጠበቓኻ ንሕብሮ ኢና።

ነዊሕ ክትጽበ ከቢድ ከም ምዃኑ ዘይርድኣና ኣይኰነን፡ ኩሎም እንርእዮም ጉዳያት ሕቶ ዑቝባነት፡ ዓቕምና ብዘፍቅዶ ኣብ ዝቐልጠፈ ንምስላጥ ኣበርቲዕና ኢና ንጽዕር።

ጉዳይየ መዓስ ኢዩ ዝውዳእ ኢልካ ንክትሓትት ንኣብያተጽሕፈት ጉዳያት ወጻእተኛታት/UDI ምውካስ ኣየድልየካን ኢዩ። መልሲ ጉዳይካ ንጠበቓኻ ኢና ንሰዶ።

## ግጼ ትጽቢት ንምሕጻር ብወገንካ ክትገብሮ ዘድልየካ እንታይ'ሎ፧

### ዘለካ ሰነዳት መንነት ኣብ ዝቐልጠፈ ከም ዝበጽሓና ብዕቱብ ጽዓር

ንፖሊስ ዘየረከብካዮም ሰነዳት እንተድኣ ኣለካ ኰይኑ፡ ኣብ ዝቐልጠፈ ግድን ከተረክቦ ኣለካ። ሰነዳትካ ንምርካብ ንወኪልካ ሓገዝ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ።

- ዝርከቡ መበቈላውያን ሰነዳት መንነት እንተሃልዩምኻ፡ ንፖሊስ ዞባ ከባቢኻ ኢኻ ከተረክቦም ዘለካ። ነቶም ዘለውኻ ሰነዳት ንምርካብ ንወኪልካ ሓገዝ ምሕታት ይከኣል ኢዩ።
- ቅድሓትን ስእልታትን እንተሃልዩካ ናብቲ እተካይዶ ቃለመሕተት ክትማልኦ ትኽእል ኢኻ፡ ወይ እውን ብፖስጣ ናብዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ንኣብያተጽሕፈት ጉዳያት ወጻእተኛታት/UDI ክትሰዶም ትኽእል ኢኻ፡ Utlendingsdirektoratet (UDI), Postboks 2098 Vika, 0125 Oslo። እትሰደልና ሰነዳትካ ብቑጽሪ-DUFካ ኣመልክተሎም። ነዚ ንምስላጥ ወኪልካ ክሕግዘካ ይኽእል ኢዩ።

## ሕደሳ ሓበሬታታት

እዞም ብዛዕባ ግዜ ትጽቢታት ዝምልከቱ ሓበሬታታት ካብ ዕለት 15 ጥሪ 2026 ዝምልከቱ'ዮም።

እዚ ሓበሬታ እዚ ኣብ መፋርቕ ወርሒ ሰነ 2026 ክሕደስ ኢዩ፡ ወይ እውን ኣብ መንጎ ዓበይቲ ለውጥታት ምስ ዝህሉው ኣቐዲሙ ክሕደስ'ዩ።